# ሓበሬታ ብዛዕባ ኩነታት ምስዳድን ቪዛን ንግዳያት ስጋዊ ዓመጽን ሓድሕዳዊ ዓመጽን

ካብ መላእ ዓለም ዝመጹ ተመሃሮን ምሁራትን ብዛዕባ ምስዳድን ኩነታት ቪዛን ዝምልከት ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም፣ ናይ ምስዳድ (ኤሚግሬሽን) ጠበቓ ክትዘራረቡ ትምከሩ። እዚ ጽሑፍ እዚ ሓደ ሓደ ኣርእስታት ብዛዕባ እቲ ሕጊ ዝገልጽ እዩ፣ ግናኸ ንሕጋዊ ምኽሪ ዝትክእ ኣይኮነን።

**ኣነ ግዳይ ናይ ጎነጽ እየ፣ እቲ ናይ ስደተኛ ኩነታተይ ነቲ ጸጋታት ናይዚ ውሽጢ ካምፓስ ንኽረክብ ጽልዋ የምጽኣለይ'ዶ?**

ኣይፋል። ብመንጽር ሕጊ፣ ተመሃሮ ይኹኑ ሰራሕተኛታት ግዳያት ወይ ብሂወት ዝተረፉ ናይ ስጋዊ ዓመጽ ግዳያት ከምኡውን ሓድሕዳዊ ጎነጽ ግዳያት ሓደ ዓይነት መሰል ከምዘለዎም ብዓንቀጽ IX ናይ1972 ዝተመሓየሸ ሕጊ ትምህርቲ ይግለጽ (ዓንቀጽ IX) ከሙኡውን ሕጊ ዓመጽ ኣብ ደቀንስትዮ (VAWA) ይገልጽ፣ ኩነታት ስደትካን ቪዛኻን ብዘየገድስ።

ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ ውሽጢ ካምፓስ ዝግበር ሕክምናዊን ምኽራውን ሓገዛት፣
ከምኡውን ህሉው መጽለሊታት ዝምልከት ሓበሬታ፣ ኣብዚ ክትረክብ ትኽእል፥ https://1is2many.okstate.edu/

ሓበሬታ ብዛዕባ መስርሕ ስነ-ምግባር ተመሃሮ ኣብዚ ክርከብ ይከኣል፥ https://studentconduct.okstate.edu/code

እቲ ቤት ትምህርቲ ኣባኻ ንዝተፈጸመ ገበን እንተደእ ጥርዓን ኣቕሪብካ፣ ሕነ ክፈዲ ወይ ብፍሉይ ክርእየካ ኣይደልን።

**ከም ሰነድ ዘለዎ ወይ ዘይብሉ ስደተኛ መጠን ገበናዊ ሕጊ ክጸቕጠሉ ይኽእል'ዶ?**

እወ። ሓበሬታ ብዛዕባ ናይቲ ትነብረሉ ስቴይት ትርጉም ገበን፣ ዘቤታዊ ጎነጽ፣ ናይ ቆጸራ ጎነጽን ናይ ምትላል ተግባራትን ኣብ ዓመታዊ ጸብጻብ ድሕነት (Annual Security Report) ክትረኽቦ ትኽእል፥ https://police.okstate.edu/annual-security-reports

ብዛዕባ ምኽፋት ፋይል ገበን ዝምልከት ፍሉይ ሕቶ ምስ ዝህልወካ ናብዚ ክትጽሕፍ ትኽእል፥

Oklahoma State University Police Department, OSUPD
104 USDA Building, Stillwater, Oklahoma 74078
405-564-6523
https://police.okstate.edu/
1is2many@okstate.edu

**ንግዳያት ዓመጽ ዝምልከት ፍሉይ ናይ ስደተኛን ቪዛን ኩነታት ኣሎ'ዶ?**

እወ። ንግዳያት ስጋዊ ዓመጽ፣ ዘቤታዊ ጎነጽ፣ ናይ ቆጸራ ጎነጽን ናይ ምትላል ግዳያትን፣ ፍልይ ዝበለ ናይ ቪዛ ኣማራጺ ክህሉ ይኽእል፣ ከም U ወይ T ቪዛ።ንዝርዝራዊ ሓበሬታ፣ ንናይ ስደተኛ ጠበቓ ኣማኽር።

| U ቪዛ | T ቪዛ |
|---|---|
| ንግዳያት ናይ ከቢድ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ዓመጽ፣ ከም ውጺኢት ናይ ሓደ ሓደ ገበናዊ ተግባራት፣ ከም ስጋዊ ዓመጽ፣ ዘቤታዊ ጎነጽ፣ ዓመጽ፣ ጸርፊ (ውርደት)፣ ወይ ተመሳሳሊ ገበናት።<br>-ግዳይ/ኣመልካቲ ናይ ሓደ ብቑዕ ገበናዊ ተግባር ግዳይ ክኸውን ኣለዎ፣ ከምኡውን ነቲ ገበናዊ ተግባር ኣብ ፍርዲ ንምቕራብን ንምምርማርን ዝሕግዝ ክኸውን ኣለዎ።<br>-ብሓፈሻ ንኣርባዕተ ዓመት የገልግል።<br>-ንተወሳኺ ሓበሬታ ንጠበቓ ስደተኛ ተወከስ፣ ከምኡውን ኣብዚ ርአ፥<br><br>http://www.uscis.gov/humanitarian/victims-human-trafficking-other-crimes/victims-criminal-activity-u-nonimmigrant-status/victims-criminal-activity-u-nonimmigrant-status | ንግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂሰባት<br>-ምስ ናይ ኣኽበርቲ ሕጊ ጠለባት ብምስምማዕ ንምርምርን መስርሕ ኣብ ፍርዲ ምቕራብ ገበነኛታትን ክተሓባበር የድልዮ (ብምኽንያት ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጉድኣት ክዛረብ ዘይክእል እንተዘይኮይኑ)፣ ከምኡውን እቲ ግዳይ/ኣመልካቲ ካብ ሕቡራት መንግስታት ወጺኡ ንኽነብር ብዙሕ ስቓይ ከምዘጋጥዎ ከብርህ ክኽእል ኣለዎ።<br>-ብሓፈሻ ንኣርባዕተ ዓመት የገልግል።<br>-ንተወሳኺ ሓበሬታ ንጠበቓ ስደተኛ ተወከስ፣ከምኡውን ኣብዚ ርአ፥<br><br>http://www.uscis.gov/humanitarian/victims-human-trafficking-other-crimes/victims-human-trafficking-t-nonimmigrant-status |

**ኣብ ውሽጢ ካምፓስ ክሕግዘኒ ዝኽእል ቤትጽሕፈት ኣሎ'ዶ?**

, International Students & Scholars
250 Student Union, Stillwater, OK 74078
405-744-5459
https://lcl.okstate.edu/iss/
su-iss@okstate.edu

ቤት ጽሕፈት ኣህጉራውያን ተመሃሮን ኣገልግሎት ትምህርትን ብዛዕባ ኩነታት ስደተኛ ኣገዳሲ ሓበሬታ ክህብ ይኽእል። ኣስተውዕል፣ ብዛዕባ ምቕያር ናብ ካልእ ዓይነት ቪዛ፣ ወይ ሕጋዊ ውሳኔታት ካብ ደረጃ ናይ F-1 ከምኡውን J-1 ቪዛታት ወጻኢ፣ ወይ ብምወላ ኣስራሒ ዝረኽብካዮም ቪዛታት ዝምልከት ሕቶ፣ ንብቑዕ ናይ ስደተኛ ጠበቓ ተወከስ።

| ኣማራጺታት ቪዛ |
|---|

The State University of New York

| | |
|---|---|
| F-1 ወይ J-1 ደረጃ ተመሃሮ<br>• ኣማራጺታት ናይ ውሑድ ትምህርታት ብወግዓዊ ሓኪም፣ ወይ ናይ ስነ -እእምሮ ሓኪም ዝተገልጸ ናይ ጥዕና ኩነታት<br>• ኣማራጺታት፣ ወይ ሳዕቤናት፣ ትምህርቲ ንግዜኡ ምቁራጽ<br>• እንተደኣ ንግዜኡ ከቋርጽ ወሲኑ፣ ኣብ ዳሕራይ ጊዜ ንትምህርቲ ንኽምለስ ዘድልዮ ሓበሬታ<br>• ኣማራጺታትን ሳዕቤናትን ምስናይ መጻምድቲ<br>• ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣማራጺታት ምቕያር ደረጃ ቪዛ<br>• ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ U ወይ T ቪዛታት (ናብ ብቑዕ ጠበቓ ስደተኛ ምውካስ/ምምራሕ)<br>• ናብ ብቑዕ ጠበቓ ምውካስ/ምምራሕ | H-1B፣ O-1፣ E-3፣ ወይ TN ሰራሕተኛታት<br>• ኣማራጺታት ናይ ስራሕ ዕረፍቲ፣ ከምኡውን ሳዕቤናት ኩነታት ስደተኛ<br>• ኣማራጺታትን ሳዕቤናትን ምስናይ መጻምድቲ<br>• ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣማራጺታት ምቕያር ደረጃ ቪዛ። ናብ ብቑዕ ጠበቓ ስደተኛ ምውካስ/ምምራሕ<br>• ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ U ወይ T ቪዛታት (ናብ ብቑዕ ጠበቓ ስደተኛ ምውካስ/ምምራሕ)<br>• ናብ ብቑዕ ጠበቓ ስደተኛ ምውካስ/ምምራሕ<br>• ተጸበይቲ ነባርነት ኣብ ሕቡራት መንግስታት (ግሪን ካርድ ጌና ዘይ ወሰዱ)<br>• ጵልዋ ምግዳፍ ስራሕ ኣብቲ ዘመልከትካዮ ናይ ነባርነትት ፍቓድ ብመሰረት ሶፖንሰርነት ህሉው ኣስራሒኻ<br>• ናብ ብቑዕ ጠበቓ ምውካስ/ምምራሕ |

**ጠበቓ ስደተኛ እንታይ እዮም እንታይ'ከ ይሰርሑ?**

ጠበቓ ስደተኛታት ሊቸንሳ ዘለዎም ጠበቓታት ኮይኖም ኣብ ጉዳይ ስደተኛ ፍሉይ ፍልጠት ዘለዎም እዮም። ከም ተጣበቕቲ ናይቲ ዓሚል ኮይኖም ይቐርቡ፣ ከምኡውን ነቶም ዓማዊል ወኪሎም ክቐርቡ ይኽእሉ፣ ኣብ ቤትፍርዲ ስደተኛታትን ማመልከቻ ብዛዕባ ጥቕምታት ስደተኛ ኣብ ምምላእን። እቲ ጠበቓ ብጠቕላላ ከማኽርን ናይ ስደተኛ ኣማራጺታት ከዘራርበካን ይኽእል። ከም ኩሎም ጠበቓታት፣ ጠበቓ ስደተኛ ብሕልና ብስነምግባርን ሕጋውን ጠለባት ዝምእዘዙ እዮም፣ ከምኡውን ምስ ዓሚሎም ዝገብርዎ ዝርርብ ምስጢራዊ እዩ።

**ጠበቓ ስደተኛታት ኣበይ ክረክብ ይኽእል?**

| |
|---|
| ሕቡራት መንግስታት ጉዳይ ዜግነትን ስደተኛን (USCIS)፣ ሓደ ጨንፈር ሚኒስትሪ ድሕነት ውሽጣዊ ጉዳያት (DHS)ኮይኑ፣ ክልተ ዌብ ሳይት ብምድላው ንውልቀሰባት ነጻ ወይ ውሑድ ክፍሊት ዘኽፍሉ ጠበቓታት ንኽረኽቡ ይሕግዝ።<br>USCIS: ካብ ናይቲ ማሕበረሰብ መርበብ ሓበሬታኻ ሓገዝ ርኸብ     USCIS: መርበብ ሓበሬታ ግልጋሎታት ሕጊ |
| እቲ ናይ ስደተኛታት ጥርዓን ቦርድ (BIA) ኣብቲ ስቴት ብናጻ ወይ ብትሑት ዋጋ ንስደተኛታ ግልጋሎት ዝህቡ ጠበቓታት ስም ዝርዝር ይህብ። |
| ማሕበር ስደተኛታት ሰብ ሞያ ሕጊ ኣሜሪካ(AILA) እቲ ተምሃራይ ወይ ምሁር ናይ ስደተኛ በዓል ሞያ ሕጊ ንረክብ ንምሕሕዝ ናይ ኦንላይን ኢምግሬሽን በዓክ ሕጊ ሪፈራል ግልጋሎታት ይህብ። |
| እቲ ናይ ኣሜሪካ ማሕበር ባር እውን በቲ ስቴት ግልጋሎት ሕጊ ኣብ ምርካብ ሓበሬታ ይህብ። |